ኢጣልያ

# ብዛዕባ ዝውውር ክትፈልጥዎ ዘለኩም

## ናይ ኣህጉራዊ ሓለዋ ተጠቀምቲ



**መዘኻኸሪ።** እዛ በራሪ ወረቐት እዚኣ ንዓኻ ኣገዳሲ ዝኾነ ሓበሬታ ዝሓዘት እያ። ዘይተረድኣካ ነገር እንተሃልዩ፡ ንሓደ በዓል ስልጣን መብርሂ ክትሓትት ትኽእል ኢኻ።

TIGRINYA

# ትሕዝቶ


ዝውውር ወይ ምስግጋር እንታይ ማለት እዩ? 3

እንተ ተመሪጽካ ናብ ኣየነይቲ ሃገር ኢኻ ክትዘዋወር? 4

ንክትዘዋወር እንተ ተመሪጽካ ካባኻ እንታይ ትጽቢት ይግበር? 4

ኣባላት ስድራ ቤትካ ምሳኻ እንተ ኾይኖምኸ? 5

ቅድሚ ዝውውር ቃለ መሕትት ክካየድ ድዩ? 5

ድሕሪ ዝውውር እንታይ እዩ ክኸውን? 6

## ዝውውር ወይ ምስግጋር እንታይ ማለት እዩ?

ሓንቲ ሃገር ብሓደ ግዜ ብዙሕ መመልከቲታት ኣህጉራዊ ሓለዋ እንተተቐቢላን ክተካይዶ እንተዘይክኢላን ካልኦት ሃገራት ብዝተፈላለየ መንገዲ ክድግፋኦ ይኽእላ እየን። ሓደ ካብቲ ሃገራት ነንሕድሕደን ክደጋገፋ ዝኽእላሉ መንገዲ፡ ኣህጉራዊ ሓለዋ ዝተዋህቦም ሰባት (ተጠቀምቲ ኣህጉራዊ ሓለዋ ተባሂሎም እውን ዝፍለጡ) ናብ ካልእ ሃገር ንምስግጋር ምቕባል እዩ። እዚ ድማ ዝውውር ይበሃል።



ኣብ ውሽጢ ዝሓለፉ ሰለስተ ዓመታት ኣህጉራዊ ሓለዋ ዝተዋህቦም ሰባት ጥራይ እዮም ንዝውውር ብቑዓት ዝኾኑ።

እዚ ኩነታት እንተ ኣጋጢሙ ናብ ካልእ ሃገር ክትሰጋገር ትኽእል ኢኻ።
26 ሃገራት ሕብረት ኤውሮጳ+ ጥራይ እየን ናብ ካልኦት ሃገራት ኣብ ዝግበር ዝውውር ክሳተፋ ዝኽእላ።

**ኣገዳሲ! ሕጂ ኣብ ኢጣልያ ኢኻ ዘለኻ፣ ንሳ ድማ ናይ ሕብረት ኤውሮጳ+ ሃገር እያ።**

ኣብ መስርሕ ዝውውር ክሳተፋ ዝኽእላ 26 ሃገራት ሕብረት ኤውሮጳ+፣ ቤልጅየም፣ ቡልጋርያ፣ ቸክያ፣ ጀርመን፣ ኢስቶንያ፣ ኣየርላንድ፣ ግሪኽ፣ ስጳኛ፣ ፈረንሳ፣ ክሮኤሽያ፣ ኢጣልያ፣ ቆጵሮስ፣ ላቲቭያ፣ ሊትዋንያ፣ ሉክሰምበርግ፣ ሃንጋሪ፣ ማልታ፣ ሆላንድ፣ ኣውስትርያ፣ ፖላንድ፣ ፖርቱጋል፣ ሮማንያ፣ ስሎቨንያ፣ ስሎቫክያ፣ ፊንላንድን ሽወደንን።

እተን ኣብዚ እዋን’ዚ ኣብ መስርሕ ዝውውር ዘይሳተፋ ዘለዋ 5 “ተሓባበርቲ” ሃገራትን ካልኦት ሃገራትን፣ ዴንማርክ፣ ኣይስላንድ፣ ሊክተንሽታይን፡ ኖርወይን ስዊዘርላንድን።

## እንተ ተመሪጽካ ናብ ኣየነይቲ ሃገር ኢኻ ክትዘዋወር?

መን ክዘዋወር ከምዝኽእል እቶም ሰብመዚ እዮም ክውስኑ።

ንኽትዘዋወር እንተተመሪጽካ፡ ነዚ ንኽትገብሮ ፍቓድካ ምስ እትህብ ጥራይ ኢኻ ናብ ካልእ ሃገር እትሰጋገር።

ⓘ **ኣገዳሲ!** ናብ ኣየነይቲ ሃገር ከም እትዘዋወር ክትመርጽ ኣይትኽእልን ኢኻ።

## ንክትዘዋወር እንተ ተመሪጽካ ካባኻ እንታይ ትጽቢት ይግበር?



ንኽትዘዋወር እንተተመሪጽካን ናብታ ሃገር ንኽትሰጋገር ፍቓድካ እንተሂብካን፡ ዝስዕብ ክትገብር ኣለካ፡

- ምስ ሰበስልጣን ምትሕብባርን መምርሒታቶም ምኽታልን።
- ክሳብ ዕለት መገሻኻ ኣብዛ ሃገር ክትጸንሕን ሰበስልጣን ክበጽሑኻ ክኽእሉን ኣለዎም።

## ኣባላት ስድራ ቤትካ ምሳኻ እንተ ዀይኖምኸ?

ኣብዚ እዋን’ዚ ብኣባላት ናይ ቀረባ ስድራቤትካ ተዓጂብካ እንተሃሊኻን ንሳቶም’ውን ተጠቀምቲ ኣህጉራዊ ሓለዋ ዝኾኑን ንዝውውር እንተተመሪጽኻን፡ ንሳቶም እውን ፍቓዶም እንተሂቦም ስድራኻ ምሳኻ ብሓባር ክግዕዙ እዮም።

ዝስዕቡ ወገናት ናይ ቀረባ ኣባላት ስድራቤት ኮይኖም ይቑጸሩ፡



- በዓል ቤትኪ ወይ ሰበይትኻ
- ርጉእ ዝምድና ዘለኩም ግን ዘይተመርዓኻያ መጻምድትኻ




- ውላድካ (ትሕቲ 18 ዓመትን ዘይተመርዓወ/ትን)።

## ቅድሚ ዝውውር ቃለ መሕትት ክካየድ ድዩ?



ካባኻ ተወሰኺ ሓበሬታ እንተድኣ ኣድልዩ ቃለ መሕትት ክግበረልካ እዩ። እዚ ድማ ኣብ ጉዳይ ዉሑስነት ዘተኮረ ክኸውን እዩ። ናብ ከምዚ ዝበለ ቃለ መሕትት ክትከይድ እንተድኣ ኣድልዩካ፡ እቶም ሰበስልጣን ኣቐዲሞም ዝርዝር ሓበሬታ ክህቡኻ እዮም።

## እቲ መስርሕ ክንደይ ግዜ ዝወስድ እዩ?




ናብ ካልእ ሃገር ክትግዕዝ ሕቶ እንተተላኢኹ እታ ሃገር ኣብዚ ሕቶ እዚ ኣብ ውሽጢ ሓደ ክሳብ ክልተ ሰሙን ውሳነ ክተሕልፍ ኣለዋ።

እቲ ሕቶ ተቐባልነት እንተረኺቡ ናብታ ሃገር ዝግበር ዝውውር ኣብ ውሽጢ ኣርባዕተ ሰሙን ክግበር እዩ።

ብዛዕባ እቲ ዝውውር እንተወሓደ ቅድሚ 1 ሰሙን ክትሕበሩ ኢኹም።

እታ ሃገር ነቲ ሕቶ እንተዘይተቐቢላቶ ኣብዛ ሃገር ክትጸንሕ ኢኻ።

## ድሕሪ ዝውውር እንታይ እዩ ክኸውን?

ናብ ካልእ ሃገር እንተተሰጋጊርካ፡ ከም ተጠቃሚ ኣህጉራዊ ሓለዋ ዘለካ መሰላት ብቐጥታ ናብታ ካልእቲ ሃገር ይሰጋገር

እዚ በራሪ ወረቐት እዚ ንሓበሬታ ዕላማ ጥራይ ዝውዕል እዩ። እዚ ንባዕሉ መሰል ወይ ግዴታ ኣይፈጥርን እዩ። ትካል ዑቕባ ሕብረት ኤውሮጳ (European Union Agency for Asylum፣ EUAA) ቀንዲ ኣካል ናይዚ ጽሑፍ ኣቕሪቡ ኣሎ፣ ምብዛሕን ምቕያርን ናይዚ በራሪ ወረቐት ድማ ብ EUAA ፍቓድ ተዋሂብዎ ብኣባላት ሃገራት ሕብረት ኤውሮጳ ጥራይ ክግበር ይኽእል። EUAA ብዛዕባ ትኽክለኛነት፡ ትሕዝቶ፡ ምሉእነት፡ ሕጋውነት ወይ ተኣማንነት ናይቲ ኣብዚ በራሪ ወረቐት ዝተኻተተ ሓበሬታ ብኣባል ሃገራት ሕብረት ኤውሮጳ ወይ ብዝኾነ ካልእ ሓላፍነት ዝስከም ሳልሳይ ወገን ዝኾነ ይኹን ሓላፍነት ወይ ተሓታትነት ኣይቅበልን እዩ። EUAA ይኹን ንEUAA ወኪሉ ዝሰርሕ ዝኾነ ሰብ ኣብዚ በራሪ ወረቐት ዝርከብ ሓበሬታ ብዛዕባ ክጥቀመሉ ዝኽእል ኣጠቓቕማ ብዝምልከት ሓላፍነት ኣይወስድን እዩ።

© ኤጀንሲ ዑቕባ ሕብረት ኤውሮጳ (European Union Agency for Asylum)፡ 2025